# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.223 ሰንበት 18 ግንቦት 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መስተንክረውያን ጽርግያታት ሰውራ!



ገጽ 3
ካብ ኣደነቕቲ ሓቅታት እንስሳታት



ገጽ 4
ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ



ገጽ 5
ነይሮምን ኣለውን



ገጽ 7
"ጥዕና ሕብረተ-ሰብ ንምውሓስ፡ ብቕዓትን ድሕነትን. . .




## ዓለማዊ ቅነ-ድሕነት ጽርግያ፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ

ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ፡ "መንገዲ ኣጋርን ብሽክለታን ነውሕስ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ትማሊ 17 ግንቦት ኣብ ኣስመራ ተዘኪሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ግዚያዊ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጽዮን ኣብ ዘስመዓ ቃል፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ዓለማዊ ቅነ ድሕነት ጽርግያ ካብ 12 ክሳብ 18 ግንቦት ክቕየድ ከምዝወሰነ፡ ዕላማኡ ድማ ተጠቃምነት ወሓስ ጎደናታት ንምርግጋጽ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንምዕዋቱ ሓንጻጽቲ ፖሊሲ ብዕቱብ ክሰርሑሉ ጸውዒቱ ከምዝቐረበ ኣገንዚቡ።



ኣብ መላእ ዓለም ብሰንኪ ሓደጋታት ትራፊክ ጽርግያ ኣብ ዓመት ኣስታት 1.2 ሚልዮን ሰባት ከምዝሞቱ፡ ልዕሊ ፍርቆም ድማ ኣጋርን ተጠቀምቲ ብሽክለታን ሞቶር ብሽክለታን ከምዝኾኑ ዝሓበረ ዶ/ር ዓንደብርሃን፡ ኣካላዊ ጉድኣትን ዝተፈላለየ ደረጃታት ስንክልናን ዘጋጥሞም ካብ 20 ክሳብ 50 ሚልዮን ከምዝበጽሑ'ውን ኣብሪሁ።

ኣብ ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸብታትን ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነትን ምቁጽጻርን ኣቶ በየነ ተስፋማርያም ብወገኑ፡ ድሕነት ጽርግያ ንምርግጋጽ፡ ምስ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ብምትሕብባር፡ ዓመታዊ ኣስተምህሮታትን ቀጻጻሪ ንጥፈታትን ከምዝካየዱ ብምሕባር፡ መጠን ሓደጋታት ትራፊክን ሳዕቤናቱን ካብ 2022 ክሳብ 2024 ዝምልከት ብኣሃዝ ዝተሰነየ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣቕሪቡ።


ስእሊ.- ፊያሜት መስፍን

ካብ ህዝባዊ ርክባት ፖሊስ ኤርትራ ካፕቴን ብርሃ ዘርኣይ ብወገኑ፡ ኣብ 2024 ብሃገር ደረጃ ብሰንኪ ዘጋጠመ 3,782 ሓደጋታት 134 ዜጋታት ህይወቶም ከምዝሰኣኑ፣ 614 ከቢድ 1,232 ድማ ፈኲስ ኣካላዊ ጉድኣት ከምዝወረዶም፣ ከምኡ'ውን ልዕሊ 37 ሚልዮን ናቕፋ ዕንወት ኣብ ንብረት ከምዘጋጠመ ብምጥቃስ፡ ምስ ናይ 2023 ክነጻጸር ከሎ፡ ሓደጋታት ብልዕሊ 7 ሚእታዊት ወሰኽ ከምዘርኣየ ድሕሪ ምብራሁ፡ ኩሎም መሻርኽቲ ብሓፈሻ ሰድራቤታት ድማ ብፍላይ ኣብ ድሕነት ትራፊክ ጽርግያ ዘተኩረ ዝተ ከካይዱ ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኑቲ ዕለት ብዝምልከት ኣብ ዝተወደበ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።

## ዓዲ ቐይሕ - ኣብነታውያን ኣብያተ-ትምህርቲ ክተባብዓ ተሓቲቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ቐይሕ ብቐዓት ትምህርቲ ንምርግጋጽ ኣብ ዝገበር ዘሎ ወፍሪ፡ ብዝካየድኦ ንጥፈታት ብኣብነት ዝጥቀሳ ኣብያተ-ትምህርቲ ክተባብዓ ወለዲ ኣተሓሳሰቡም።

ንኣየም ኣብ ዝሓብዎ ርእይቶ፡ ተመሃሮኦን ብስኡምጉር ኣብ ምኹሳኦን ብቐዓት ትምህርቲ ኣብ ምምሕያሽን ልዑል ኣተኩሮ ገይረን ዝሰጥኣ ኣብያተ-ትምህርቲ ምስ ዝተባብዓ፡ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳር ስለዝከኣል፡ ጠመተ ክወሃቦ ተላብዮም።

ርእሰ-መምህር መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዕናበር መምህር ልኡል መሓሪ ብወገኑ፡ ስሉሳዊ ዝምድና ወለዲ፡ ተመሃሮይን መምህርን እቲ ቀንዲ ረቛሒ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዕቱብ ክሰርሕ ተላብዩ።

መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዕናበር፡ ኣብ ከተማ ዓዲቐይሕ እትርከብ ኮይና፡ 1292 ተመሃሮ ኣለውዋ።

## ተጋዳላይ ምስግና ተኽለኣብ ተሰዊኡ

ዋና ኣኪያዲ ስራሕ ትካል መፍረ መድሃኒት - ኣዘልን ኮርፖረሽን መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ጉዳም ተጋዳላይ ምስግና ተኽለኣብ መርእድ፡ ብ15 ግንቦት ኣብ መበል 79 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ መጋቢት 1974 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ምስግና፡ ኣብ ኣገልግሎት ፋርማሲ ውድብ ኣብ ደጀንን ሓራ ዝወጻ ቦታታትን ሰዊኑ፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ መፍረ መድሃኒት ብምዃን ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ሰውእ ምስግና ተኽለኣብ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ደቅን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 17 ግንቦት ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ምስግና ተኽለኣብ መርእድ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

## ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ንቈልዑ ዝተዳለወ ባህላዊ ምርኢት ቀሪቡ




ስእሊ.- ኣብርሃም በየነ

ብምኽንያት ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ "መሰረትና ድርዕና" ብዝብል ቴማ፡ ብ16 ግንቦት ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ሰዓታት ድሕረ-ቀትሪ፡ ናብ ቈልዑ ዝቐነዐ ባህላዊ ምርኢት ማለት "ኮንሰርት" ቀሪቡ።

ኣብ'ዚ ብምትሕብባር ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከልን ዝተወደበ ኣዘናጋዒ መደብ፡ ጉጅለታት ባህሊ ፍኖተ-ፍቕሪ ሰዊትን ቈልዑን፡ ከምኡ'ውን ሱጥባዊ የናስ ምሕረትኣብ (ማይናስ) ትሕዝቶታቶም ኣቕሪቦም።


እቲ ንክልተ ሰዓትን ፈረቓን ዝቐጸለ ትሕዝቶታት፡ ብዝተፈላለያ ቋንቋታት ብሄራትና ዝተዳለወ ደርፍን ሓደስትን ደርፍታት፡ ከምኡ'ውን መዘናግዒ ድራማ የጠቓልል።

ኣብ ሃገራዊ በዓላት፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ - ተመሃሮ ቈልዑ ዝሳተፍዎ መደባት ምድላው፡ ኣብ ምስራጽ ሃገራዊ ክብርታት ዘለዎ ተራ ልዑል ብምዃኑ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፡ ወለድን ኣለይትን ኣዘኻኺሮም።

ኣብ'ቲ ምርኢት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ካብ ዝርከባ 37 ናይ መባእታ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ ልዕሊ 22 ሽሕ ተመሃሮ፡ ብመምህራኖምን ኣለይቶምን ተሰንዮም ተሳቲፎም።

ኣብ ዝቕጽል መዓልታት ማለት 17፡ 18ን 19ን ግንቦት'ውን ተመሳሳሊ ባህላዊ ምርኢታት ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ሲነማ ሮማን ክቐርብ እዩ።

**መሰመርና ድርዕና!**



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## መስተንክራውያን ጽርግያታት ሰውራ !

**ሳልሳይ ክፋል**

"እቲ ካልእ ጅግንነት" ብዝብል ኣርእስቲ ካብቲ ኣብ ሜዳ ዝተሓትመ ሰነዳት፡ ሰውራ መካይን ምስ ኣጥረየ እቲ ስዒቡ ክስራሕ ዝጀመረ ጽርግያታት እዩ። ጽርግያታት ብጽርግያታቱ ድማ መስተንክራውያን ጽርግያታት! እታ ብንኡስ ዓቕሚ ኣብ 1975/76 ካብ ከባቢ ኣልጌና ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝፈለመት ጽርግያ ጉራዕ፡ ሰዒቡ ክሳብ 300 ኪሎሜተር ዝዝርጋሕ ካብ ሳሕል ክሳብ ፍልፍል ሰለሙና (ሰሜናዊ ባሕሪ) ዝዝርጋሕ ጽርግያ ብቡዔላን ኣፍራዛን ልዕሊ ኩሉ ድማ ብጅግንነትን ተወፋይነትን ተጋዳላይ ከምዝተሰርሐ ኣብ ዝሓለፉ ክፋላት ርኢና።

እቲ ዝኸበደ ስራሕ ጽርግያታት ኣብ ግዜ



**ጽርግያ ሰውራ ብዐምዚ ኣገባብ ይህነጽ ነይሩ**

ምዝላቕን ድሕሪኡን'ዩ ተኻዪዱ። ኣብ ሓምለ 1978 ምዝላቕ ምስተጀመረ ጨ/ህንጻ ቅድሚ'ቲ ዘዝልቕ ዝበረ ንብረትን ህዝብን እናኸደ ዝተባለሸወ መስመራት ከዕሪ ሓያስቲ ክኸፍት ነይሩዎ። እቲ ግዜ ህጹጽን ዘዋብን'ዩ ዝበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ጽርግያታት ዓገት፡ ቀብርወኣትን ሕመድ-ደብሳን ኣብ ሓጺር ግዜ ወኒን ድሌትን ብዝመልአ ኣገባብ ተጸጊኑ። ብፍላይ ኣብ ቀብርወኣት ዝተርኣየ ናይ ተዓለምቲ ደቂኣንስትዮ (ኑምቦድያ) ልዑል ናይ ስራሕ ወኒ መዳርግቲ ኣይነበሮን።

ኣብ ግዜ ምዝላቕ፡ ካብ 3ይ ክሳብ 5ይ ወራር ኣብ ዝበረ ግዜ ዝተሰርሐ፡ ሚዚን ዘለዎም ሓያስቲ ጽርግያታት፡ "ብደሆ" ንዓምበርዑበን ሓለብትን ዘራኽብ፡ "ኣይንምብርከኽን" ካብ ኣራግ ብጥሩቕሩቕ ሓወልዕን ምስ ሱዳን ዘራኽብ መስመር፡ ከምኡ'ውን ክሳብ ሕሽክብን እዮም። ሰለስቲኦም ምስ ወተሃደራዊ ህላወን ወድባዊ ድሕነትን ህ.ግ. ይተኣሳሰሩ። ጽርግያ "ኣይንብርከኽ" ከም መተካእታ ከይተኸፍተ፡ ቅሮራ-ተብሕ ብጎልጎል ዝሓልፍ ቀንዲ መጋቢ መስመር ከይብተኽ ይፍራህ ነይሩ። ከምኡ'ውን "ብደሆ" ከም መተካእታ ከይተሰርሐ፡ መስመር ኣራግ-ናቕፋ ኣብቲ ናብ መቖዝብ ጸላኢ ዝቐረበ ወገኑ፡ ኣብ ቀብርወኣት፡ ከትብተኽ'ሞ፡ ኣብ ናቕፋ ዝበረ ኣሃዱታት ካብ ደጀን ከይንጸል ተመሳሲሉ ስግኣት ነይሩ። ክሳድ ሕሽክብ'ውን ምስቲ ዘተኣማምን ደጀንን ናይ ሱዳን መስመርን (ብምዕራብ) ንክህልወና ዝበረ ድሌት ተኣሳሲሩ ይርአ። ሽዑ ብመሰረት ስምምዕ 20 ጥቅምቲ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ሳሕቲ ዝለዎጽ ሓርፋፍ ዝምድና ስለዝበረ፡ ኣብቲ ዝምድና ዝለምጸሉ ግዜ፡ ክሳድ ሕሽክብ ብናይ ሓብር ጻዕሪ ክጽረግ፡ ናይ ሓብር ደጀን ክስፍሕ ስምምዕ ተገይሩ ነይሩ። ተ.ሓ.ኤ. እጃሞም ኣይገበሩን ጥራይ ዘይኮነ፡ ጽርግያ ልብ'ካ ኣውዲቕካ ከይሰራሕ'ውን ኩሉ ግዜ ዘተሓሰበ ሓደጋ ነይሮም። ስለዚ ሰለስቲኡ ጽርግያታት ብምብራቕ ህንዱድ ጸቕጢ ጸላኢ ብምዕራብ ስግኣት ተ.ሓ.ኤ. እናጋጠሞ'ዩ ተወዲኡ።

መጀመርያ ስራሕ ኣብ ብደሆ ብደብባዊ ወገኑ'ዩ ተጀሚሩ። ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሰለስቲኡ ጽርግያታት ዝስርሓሉ ግዜ'ውን ነይሩ። እንተኾነ ሰሜናዊ ቁልቁለት ብደሆ ኣዝዩ ጸዳፍን ግዜ ዝወሰደን ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ እቲ ናይ ጉልጎል መስመር ቀረብ ኣብ ናይ ምዕጻው ሓደጋ ስለዝወደቐ፡ ጨ/ህንጻ መብዛሕትኡ ጉልበት ናብ ጽርግያ 'ኣይንብርከኽን" ከምዝሰገር ገይሩዎ። ኩሉ ድሕሪ ምዝላቕ ዝተሰርሐ ጽርግያታት ኾናቱ ኣደናቒ መዳያት'ኳ እንተለዎ ንድራማ ሰብኣዊ ዕዮ ብዝምልከት ኣይኮነ "ኣይንምብርከኽን"።

እዚ መስመር'ዚ ዓቐበት ጥሩቕሩቕ ደያቡ፡ ብኣዝዩ ጸዳፍን ከዋሕን ቁልቁለት ንፈልሒትን ክወርድ ኣለዎ። እዚ ሰሜናዊ ቁልቁለት ብፍላይ ጽንኩርን ከቢድን ስራሕ ተኻይዱዎ። ኣብዚ ታሪኻዊ ስራሕ'ዚ ብፍላይ ከም ኣደናቒ ፍጻመ ክነገረሉ ዝኾነ ናይ ተጋደልቲ ናይ ስራሕ ተበግሶ እዩ። ዳርጋ 90 ሚእታዊት ኣባላት ህንጻ ናይ ማይን ኣባይትን ከይተረፉ ኣብቲ ስራሕ ተዋፊሮም ነይሮም። "ስራሕ ቤት ጽሕፈት ፍጹም ተረሲዑ ነይሩ" ይብል ሃብተልዑል። ተጋደልቲ ህጹጽ ኣገዳስነት ናይቲ ጽርግያ ስለዝተገንዘቡ፡ ኩሉ ግዜ ብሓለፍቲ "ተወዲኡ ዶ?" እናተባህለ ወትሩ ስለ ትብጽሕ ፍሉይ ጻዕሪ ይገብሩ ነይሮም። ለይቲ ኣብ ኮምፕሮሰራ መዓልቲ ኣብ ኩዕታ ምስ ምሩኻትን ኮሎኔ ምስኦም ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ፖለቲካዊ ገስጋስ፡ ፍጹም ትንፋስ ዝህብ ግዜ ኣይነበረን። ነፍሲ ወከፍ ተጋዳላይ ኣብ ስራሕ ምስ ተጸምደ'ዩ። ናይ ድቃስ ግዜኡ ካብ ኣርባዕተ ሓሙሽተ ሰዓታት ኣይሓልፍን'ዩ። ሕሙም'ውን ክዕርፍ ኣይደልን። ሓሚሙ ዝደኸመ ሰብ ግድን ኮምፕረሰር ክዕሪ ተዋጢጡ ክንዲ ኑቲ ጉድጓድ ዘንቀሳቕስ ባዕሉ ብሓይሊ ኮምፕረሰር ክደፍእ ክትርኢ ብሓቂ ዘደንቕ'ዩ ይብል የውሃንስ ጺጋይ። እዚ ኣብነታዊ ተወፋይነት'ዚ ኑቲ ዝበረ ሓፈሻዊ መንፈስ ስራሕን ተበግሶን ብዝበለጸ ክገልጽ ይኽእል።

ስራሕ ጽርግያ ጥሩቕሩቕ "ኣይንሰዋርን" ብዝብል ዘይሕለል መንፈስ ይድረኽ ነይሩ። ጸላኢ ናይ ጉልጎል መስመርና ንምዕጻው ክህንደድ፡ ንሕና ክንክላኸል እናተኸላኸልና መተካእታኡ "ኣይንምብርከኽን" ክንሃንጽ፡ ንሱ ብጉረሮና ዓጽዩ ክንብርከኸና፡ ክፍትን ንሕና ኣይንምብርከኽን ኢልና፡ ርሒብ ባብ ክንከፍት፡ ፍጹም ህልኽ ዝመልኦ ቅድድም'ዩ ነይሩ። "ኣይንምብርከኽን" ኣብ ዝተኸፍተሉ፡ ኣብ ራብዓይ ወራር ናይ ሓይሊ ምድሪ ኢትዮጵያ ሓደ ኣዛዚ፡ "ናይ ቀረብ መስመሮም ዓጺናዮ" ኢሉ ክጀሃር ከሎ፡ ናይ ሓይሊ ኣየር መሓዝኡ፡ "ኣብይ ኣሎኻ! ኣብዚ ኣሎ ካልእ ኣውራ ጎደና" ምባሉ፡ ንጸላኢ መርድእ ኑየም ገበርቲ ቅያ፡ ኑየም ከፈትቲ በሪ ወፋያት ከኣ ዓቢ ሓበን ዓቢ ኩርዓት'ዩ ነይሩ። እዚ መስመር'ዚ ንከንቱ "ኣይንምብርከኽን" ኣይተባህለን።



ጽርግያ ብድሆ

ብዛዕባ "ኣይንብርከኽን" ኣብ ትዛረበሉ ግዜ ብዛዕባ እታ ወርደቲ ትራክተር ቀልዑ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከይተዛረብካ ክትሓልፍ ዘይከኣል'ዩ። እዚ ጽርግያ ከይተወደአ እንከሎ፡ ካብቲ ዘዘለቕናሉ ቦታታት ዝመጹ ቀልዑ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ስቱርን ዘተኣማምንን ክኾኑ'ሞ ኣብ ሓወልዕ ሰፊሮም ነበሩ። ምግቦም ክሰብ'ቲ ጽርግያ ዝበጽሓ ርእሲ ጥሩቕሩቕ ብመኪና ይመጽእ። ካብኡ ግን 200 ቀልዑ ካብ ሓወልዕ 15 ኪሎሜተር ጉልጎልን ዓቐበት ፈልሒትን ተጓዒዞም፡ ክልተ ሰለስተ ኪሎ ተሰኪሞም መዓልታዊ ይወስድዎ። "እምኒ ረኺቦም በርባዕተ መሓውር ተንፋሒኾም እምበር ኣሳጉሞም ዘይሰገሩ ንኣሸቱ እዮም" ይብል መሃንድስ ጉብረኪዳን ገርማጽዮን - ብድንጋጼ፡ ሓደ ነገር ወይ ፍታሕ ክግበር ኣለዎ ድማ ተባህለ። እንታይ ኮን ይኸውን እቲ ዝተሓሰበ ፍታሕ? ኣብ ዝቕጽል…

### ብዛዕባ'ቶም 8 ወራራት እንታይ ትፈልጡ?

**ሻዱሻይ ወራር፦**

እቲ ብወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ዝፍለጥ ሻዱሻይ ወራር ክፍላ ሰካቲት - ለካ 1982 ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ጸላኢ ናይ ግብረ ሃይላት ኣቃውማ ኣፍሪሱ ብእዝን ክ/ጦራትን ድሕሪ ምውዳብ እቲ ወፍሪ ብወግዓውን እወጅን መንገዲ ብ15/2/82 ተጀሚሩ።

ኣሰላልፋ ኣንፈት መጥቃዕትን ኣተገባብራ ናይቲ ወፍርን

መብረቕ እዝ ግንባር ባርካ፦

- 24 ክ/ጦር ብወገን ሰልዓ ካብ ሱዳን ናብ ደጀን ዝኣቱ ናይ ዕደላ መስመር በቲኹ ወሽጢ ደጀን ሓሰታ ክኣቱ።
- 21 ክ/ጦር ኩርን ዓዳይትን ሐዙ ዛራ ክኣቱ።
- 2 ክ/ጦር ብወገን ሓልሓል ኣሰማጥ ሐዙ ዛራ ክኣቱ።
- በዚ መልክዕ'ዚ ኩሎም እዝታትን ክፍለጦራትን ተልእኾኦም ፈጺሞም ኣብ ኣዶብሓ ማእከል ደጀን ክራኸቡን ከበብ ክዛዘሙን እዩ ዕላማ ናይቲ ወፍሪ።

ውጥን 6ይ ወራር ይቕጽል

### ካብ ካርቶናት 6ይ ወራር




### ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቀ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**
ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

# መዘናግዒ

ማርታ'ክብሮም

## ካብ ኣደነቕቲ ሓቅታት እንስሳታት



1. ኣብ ኣፍንጫ ጉራሉ ዘሎ ኣሰራት ከምቲ ኣብ ኣጻብዕቲ ዘሎ ኣሰራት ዝተፈላለየ እዩ። ስለዚ ኣብ መካነ እንስሳታት ዝሰርሑ ሰባት ንኣሰራት ኣፍንጫ ናይዞም እንስሳታት ከም መፈላለዪ ክጥቀምሉ ከምዝኽእሉ እየም ዝገልጹ።
2. ጎንደራን ዝተባህለ ኣብ መሬት ዝነብር ሓደ ካብ ዓይነታት ሓሰኻ ክልቲኡ ጾታ ማለት ተባዕታይን ኣንስታይን ይውንን።
3. ነፋሒቶ መልሓሱ ክንዲ ቁመታ እያ።
4. ዓይኒ ንስሪ ካብ ናይ ደቂ ሰብ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ዝዓበ ክርኢ ይኽእል።
5. ኣንስተይቲ ኣርማዲሎ (ኣብ ኣመሪካ ትርከብ መጥባዊት እንስሳ) ኩሉ ግዜ ብሓንሳብ ኣርባዕተ ሓደ ዓይነት ምስሊ ዘለዎም ማናቱ እያ ትወልድ።
6. ገመል፡ ማይ ኣብ እትረኽበሉ ብሓንሳብ ክሳብ 50 ሊትሮ ክትሰቲ ትኽእል። ብዘይካ'ዚ ዘይከም ካልኦት መጥባውቲ እንስሳታት ጨዋም ማይ ክትሰቲ ኣይጸግማን።
7. ኣረን ክሳብ 14,000 ዝበጽሕ ኣስናን ይውንን።
8. ካትል ዝተባህለ ዓይነት ዓሳ ኣብ ካልኣታት ሕብሪ ቀርበቱ ክቕይር ኣይሸግሮን።
9. ዶልፊን ኣብ ዝድቅሰሉ ግዜ ፍርቂ ሓንጎሉ ንቑሕ እዩ ዝጸንሕ። እዚ ድማ ንድሕነቱን ትኹረ ንክሕልዎን ይሕግዞ።
10. ኣብ ዓለም ዝበዝሐ ሰዓታት ዝድቅስ ኮዋላ ዝበሃል ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከብ እንስሳ እዩ። እዚ ኣውስትራልያዊ እንስሳ ኣብ መዓልቲ 22 ሰዓታት እዩ ዝድቅስ።
11. ኮሪ ኣስታርዳ እታ ዝኸበደ ክብደት ኣካላት እትውንን ተፋፊር ዑፍ እያ። ክብደታ ካብ 11-19 ኪሎ ግራም ይበጽሕ። ስለዚ ኣብ ትነፍረሉ ግዜ ብዙሕ ጸዓት ስለዘድልያ፡ ኣጉዳሲ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ጥራይ እያ ትነፍር።
12. ቀርቃሪዶ ተባሂላ እትፍለጥ ዓይነት ዑፍ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ካልኢት 20 ግዜ ንገረብ ብመትኩብ ኣፋ ተጠቒማ ሰፈራ ክትሰርሕ ትኽእል።

## ካብ ኣብነታውያን ዳህሰስቲ ደቂ ኣንስትዮ

• ኣሚላ ኣርሃርት (1897-1939) ፦ ሓንቲ ካብተን ብምብራር ነፈርቲ ስም ዝተረፉ ኣብነታዊት ጓል ኣንስተይቲ እያ። ቀዳመይቲ ነፋሪት ክተብርር ዝጀመረት ጓል ኣንስተይቲ'ውን እያ። ኣብቲ ደቂ ኣንስትዮ ብልዕሊ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ሰንጢቖን ክበራ ዘይፍቀደለን ዝነበረ ግዜ'ውን ኣብ 1932 ብውልቃ ብኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ሰንጢቓ ብምሕላፍ ኣብ ኣየርላንድ ክትዓልብ ክኢላ እያ። ብዘይካ'ዚ ኣርሃርት ብውልቃ ካብ ደሴት ሃዋይ ናብ ኣመሪካ ክትነብር ክኢላ። ኣብ 1937 ግና ኣርሃርት ናብ ገለ ክፋላት ዓለም ዳህሳስ ከተካይድ ምስ በረረት፡ ደሃያ ክርከብ ኣይተኻእለን። ኣብ ታሪኽ በረራ ግን ክሳብ ሎሚ ስማ ይዝከር ኣሎ።

• ነሌ ብላይ (1864-1922)፦ እዛ ጋዜጠኛ ኣብቲ ትሰርሓሉ ዝነበረት ሞያ ፍሉይ ስራሕ ክተበርክት ትደሊ ነበረት። ኣብ 1889፡ ንሓሳቢኣ ናብ ብዙሕ ቦታታት ዓለም ዑደት ክትገብር ከም ትደሊ ነገረቶ። ኣብ 72 መዓልታት ድማ 40,070 ኪሎ ሜተር ብምጉዓዝ ብዙሕ ቦታታት ዓለም ክትበጽሕ ከኣለት። 'ኣብ ሓጺር ግዜ ንብዙሕ ኪሎ ሜተር ዝሸፈነት' ዝብል ሪከርድ ክትሕዝ ድማ ከኣለት። ነሌ ብላይ፡ ነቲ ክንዳኡ ዝኣክል ርሕቀት ሓንሳብ ብጃልባ፡ ባቡር፡ ፈረስን ብእግራን እያ ክትጉዓዝ ክኢላ።

• ለሲ ኣትኪንሶን (1817-1893)፦ ለሲ ዝያዳ ብዝነበራ ትብዓትን ቀራጽነትን እያ ትፍለጥ። ምስ ብዓል ቤታን ህጻን ወላዳን ናብ ማእከላይ ክፋል ኤሲያን ሳይቤርያን ዕወት ዳህሳስ ከተካይድ ዝኸኣለት እያ። ናብ ኣዝዩ ርሑቓን ዘይምቹእ ቦታን ከይተረፈ ተጓዒዛ ዳህሳስ ብምክያድ ልዕሊ 40,000 ማይልስ ርሕቀት ክትሽፍን ዝኸኣለት ኣብነታዊት ጓል ኣንስተይቲ እያ። ኣብ 1863 ለሲ ብዛዕባ እቲ ዘካየደቶ ዳህሳስ እትገልጽ ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኮሰት ብልጽቲ መጽሓፍ'ውን ከተበርክት ክኢላ እያ።



ኣሚላ ኣርሃርት

• ፍረያ ስታርክ (1893-1993)፦ ብሪጣንያዊት - ኢጣልያዊት ዳህሳሲት ኮይና፡ ንፍዕቲ ጸሓፊት'ውን እያ ነይራ። ንሳ ናብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኣፍጋኒስታንን ካልኦት ቦታታትን ንዝገበረቶ ዳህሳስ ዝገልጽ ልዕሊ 24 መጽሓፍቲ ጸሓፊት። ስታርክ ቀዳመይቲ ኤውሮጳዊት ናብ ፋርስ (ናይ ሎሚ ኢራን) ዳህሳስ ከተካይድ ዝኸኣለት'ውን እያ። ወላ'ኳ ኣብ ጉዕዞኣ ብሕማም ዓሶ፡ ረስኒን ካልኦት ሕማማትን ትሳቐ እንተ ነበረት ንጉዕዞኣ ግና ብዓወት ክትዛዝሞ ክኢላ እያ።

• ኢሳቤላ በርድ (1831-1904)፦ ኣብ 1873 ኣብቲ ኣኻውሕ ዝመልኦን ብሸፋቱ ተጎብኡን ዝነበረ ክፋል ሰሜን ኣመሪካ ኣብ ፈረስ ተወጢሓ ኣዝዩ ሓደገኛ ዳህሳስ ከተካይድ ዝኸኣለት እያ። በርድ ኣብ ፈረስ ተወጢሓ ናብ ቻይና፡ ህንዲ፡ ጃፓን ኢራንን ካልኦት ቦታታትን ን1287 ኪሎ ሜትር ክትጉዓዝ ክኢላ። ንሳ ኣብቲ ብደቂ ኣንስትዮ ዝተዓብለለ ዘመን፡ ኣብ መዳይ ዳህሳስ ዓቢ ታሪኽ ክትሰርሕ ክኢላ እያ።

• ጃኒ ባረት (1740-1807)፦ ፈረንሳዊት ዳህሳሲት ባረት ፍቕሪ ኣትክልቲ ስለዝነበራ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዓለም እናተጓዓዘት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኣትክልቲ መጽናዕቲ ከተካይድ ትደሊ ነበረት። እንተ ኾነ ኣብቲ ግዜ ኣብ ፈረንሳ፡ ደቂ ኣንስትዮ ናብ መርከብ ክስቀላ ፍቓድ ብዘይ ምንባሩ፡ ምስታ ናብ ዳህሳስ ትብገስ ዝነበረት ጉጅለ ክትከይድ ስለዝደለየት፡ ከም ወዲ መሲላ ናብታ መርከብ ደየበት። ካብ ሃገራ ቀዳመይቲ ብመርከብ ክትጉዓዝ ዝኸኣለት ጓል ኣንስተይቲ ክትከውን ድማ በቒዓት። ድሕሪ ክልተ ዓመት ግና ጓል ኣንስተይቲ ምዃና ስለዝተፈልጠት ኣብ ማውሪሸስ ነታ ዝነበረታ ጉጅለ ዳህሰስቲ ክትገድፋ ተገደደት። ጸኒሓ ድሕሪ ገለ ዓመታት ባዕላ ካብቲ ዝነበረቶ ናብ ፈረንሳ ዳህሳስ እናኣካየደት ተመልሰት።

## ኣመዓባብላ ታኬት ጫማ

ታኬት (በሪኽ) ጫማ ካብ መሬት ኣልዒል ኣብሉ ቁመትካ ወሲኹ ዘርኢ ጫማ እዩ። ኣብ መበል 15 ዘመን ወተሃደራት ፋርስ (ናይ ሎሚ ኢራን) ድልዳሉትን ነዋሕትን ኮይኖም ንኽረኣዩ ብርኽ ዝበለ ጫማ ክኽደኑ ግድነት ነበረ።

ኣብ 16 ዘመን ድማ ካብቲ ዝነበረ ታኬት ጫማ ዝያዳ ዝበርኸ፡ ብቶትሪን ደ መዲቺ ዝተባህለት ጓል ኣንስተይቲ ተማህዘ። ንሳ ቁመታ ሜትሮን ሓፂሻን ብምንባሩ ኣብ ዕለተ መርዓኣ ነዋሕ መሲላ ክትርአ ስለዝደለየት እያ ምሂዛቶ። ድሕሪ ብዙሕ ፈተነታት ከኣ ኣብ መዓልቲ መርዓኣ በሪኽ ጫማ ገይራ ብምውዓል ቆማት ጓል መሲላ ተራእየት። ብዘይካ'ዚ ኣብ ዓለም ናይ መጀመርታ ታኬት ጫማ ክትወዲ ዝጀመረት ጓል ኣንስተይቲ ክትከውን ክኢላ እያ።



ኣብቲ ዘመን ዝነበሩ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ዝለዓለ ደረጃን ማዕርግን ከምዝለዉ ክፍለጡ ምስ ዝደልዩ በሪኽ ጫማ ክገብሩ ይመርጹ ነበሩ። ስለዚ እዚ ዓይነት ጫማ ኣብ ምስራሕ ዝጥፉ ዝነበሩ ሰባት፡ ምስ ዝና ናይቲ ሰብ ዝሰማማዕ ገይሮም ይሰርሕዎ ነበሩ። ስለዚ ኑቶም ኣብ ንግስነት ዝነበሩ ካብ ናይ ካልኦት ዝለውሐ ታኮ ገይሮም ይሰርሑሎም ነበሩ።

ታኮ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ርጉድ ዝበለ ክኸውን ከሎ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ቀጢን ነበረ። ካብ 18 ክፍለ ዘመን ንደሓር ግና ታኬት ምግባር ምስ ኣንስታይነት ክተሓሓዝ ስለዝጀመረ ደቂ ተባዕትዮ እዚ ጫማ ክገድፍዎ ተራእዩ።

ዝበረኸ ጫማ ቁመቱ ካብ 30.5 ክሳብ 40.6 ሰንቲ ሜትር ይበጽሕ። እዚ ግና ዓቢ ኣሉታዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ታኬት ብቀጻሊ ዘዘውትራ ደቂ ኣንስትዮ መውደቕትን ካልእ ኣሉታዊ ናይ ጥዕና ጸገማት ማለት ከም ቃንዛ ኣብ ታሕታዋይ ሕቖን ካልእን የጋጥመን። ስለዚ ደቂ ኣንስትዮ ታኮ ጫማ ኣብ ዝወድያሉ ግዜ ኣብ ኣመራርጽኦን ጥንቃቐት ክገብራ ይግባእ።


## መልሲ ሱዶኩ

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 8 | 3 | 5 | 6 | 2 | 1 | 4 | 7 | 9 |
| 6 | 9 | 4 | 5 | 7 | 8 | 2 | 1 | 3 |
| 2 | 2 | 1 | 9 | 4 | 3 | 5 | 6 | 8 |
| 3 | 6 | 9 | 2 | 8 | 4 | 1 | 5 | 7 |
| 4 | 7 | 8 | 1 | 3 | 5 | 9 | 2 | 6 |
| 1 | 5 | 2 | 7 | 9 | 6 | 3 | 8 | 4 |
| 5 | 4 | 6 | 8 | 1 | 9 | 7 | 3 | 2 |
| 9 | 8 | 7 | 3 | 5 | 2 | 6 | 4 | 1 |
| 2 | 1 | 3 | 4 | 6 | 7 | 8 | 9 | 5 |

ኣዳላዊ፡ ሰሎሙን ተኽለማርያም (ራጂ)



ኣከባቢ


ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

ሴት ስምኦን
ክፍሊ ኣከባቢ/ሚ.መ.ማ.ኣ
ጨንፈር ህይወታዊ ብዙሕነት

# ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ

መበቆላውያን ኣትክልትን እንስሳታትን ገለ ካብ ባህርያውያን ጸጋታትናን ርስቲን ናይ ሓንቲ ሃገርዮም። እዞም ጸጋታት እዚኣቶም ልክዕ ከም ደቂ ሰብ ንህላወኦም ዝጸብኡ ከምኦም ህይወታውያን ባዕዳውያን ወረርቲ ከም ዘለውዎም ምርዳእ የድሊ። እዞም ዝተጠቕሱ ጸጋታት ኣንጻሮም ወረርቲ ክመጽዎም እንከለዉ ዝፍጠር ኣሉታዊ ከንቱ ከኣ ኣሎ። ኣብዚ መዳይ፡ "ጓኖት ዓሌታት ኣትክልትን እንስሳታትን ዝበሃሉ ከመይ ዝበሉ እዮም?" ንዝብል ሕቶ ምምላስን ምፍላጥን ድማ ኣገዳሲ እዩ።

ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልትን እንስሳታትን ህይወታውያን እዮም። ብዕለታዊ ንጥፈታት ደቂ ሰብ ካብ መበቆላዊ ቦታኦም ተበጊሶም፡ ንተፈጥሮን ህይወት ደቂ ሰብን ብኣሉታ ዝጸልዉ ባህሪ ሒዞም ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝኣትዉን ዝስፋሕፍሑን እዮም። እዞም ዓሌታት ኣብ ቀጥታ ውሕስነት መግቢ፡



ማይን ጥዕና ደቂ ሰብን ቀልጢፉ ጽልዋ ብምግባር፡ ደቂ ሰብ ድኽነትን ዘይምዕሩይ ናብራን ክህልዎም ኣብ ምግባር ተራኦም ዓቢ'ዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ዕለታዊ ንጥፈታት ደቂ ሰብ ዝጠንቁ ምትእትታውን ምስፍሕፋሕን ጓኖት ዓሌታት ወረርቲ፡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ፍጥነት ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዓለም ይዛይዱ ምህላዎም ይሕበር። ከም ሳዕቤኑ ድማ፡ ምጽናት ህይወታዊ ብዙሕነት ይብእስን ተፈጥሮ ናብ ንቡር ክምለስ ናብ ዘይክእለሉ ደረጃ ገጹ ይኸይድን ምህላዉ ይግለጽ።

መጽናዕቲታዊ ጽሑፍ፡ ምትእትታውን ምስፍሕፋሕን ባዕዳውያን ወረርቲ ዓሌታት፡ ካብ ቀንዲ ጠንቂ ምብዳም ህይወታዊ ብዙሕነት ዓለም ኲይኖም ምህላዎም ይሕበር። ብሰሩ ኣብ ዓለም ኣለዉ ካብ ዝበሃሉ ኣስታት 8 ሚልዮን ዓሌታት ኣትክልትን እንስሳታትን እቶም ሓደ ሚልዮን ሓደጋ ምጽናት ዘንጸላለዎም ክኾኑ እንከለዉ፡ 16 ሚእታዊት ካብዚኦም፡ ወረርቲ ዓሌታት ኣጋጢምዎም ኣብ ፍጹም ሓደጋ ዝርከቡ ምዃኖም ይሕበር።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ትሕዝቶ ጽሑፍና፡ ዚያዳ ኣቓልቦ ዘወሃቦ ብዛዕባ ጓኖት ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ ክኸውን እዩ። ጓኖት ወረርቲ ዓሌት ኣትክልቲ፡ ካብ መበቆላዊ ሰፍራኦም ወጻኢ፡ ኣብ ካልእ ቦታ ዝዕንብዩን ዝስፋሕፍሑን ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ብዝተፈላለየ መንገድታት ክኣትዉ ዝኽእሉ ኲይኖም፡ ገለ ካብኦም፡ ካብ ዶብ ናብ ዶብ ምስ እንስሳታት፡ ሰባትን ንብረትን ተጻጊዖም ዝኣትዉ እዮም።

ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ፡ ኣብ ዕለታዊ ዕብየቶም ልዑል ኣድማዕነት ኣለዎም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ብኸም ብዓል ሓሸራ፡ ሕማማትን ተወዳደርቲን ዓሌታት ብቐሊሉ ዝጥቅዑ ስለ ዘይኮኑ'ዮም። ካልእ ፍሉይ ባህሪ ናይዞም ወረርቲ ኣትክልቲ፡ ዝኾኑ ህይወታውያን ዓሌታት ፍጡራት ኣብ ዘስፋሕፍሕሉ፡ ብኣንጻሩ ዓይነትን ብዝሕን መበቆላውያን ዓሌታት ኣትክልቲን ይቕንስ። ቀጽሪ ናይቶም መግቦምን መንበሪኦምን ኣብቶም ኣትክልቲ ዝምርኮሱ ካልኦት ህይወታውያን'ውን ክንኪ ይርአ።

ጓኖት ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ፡ ኣብቲ ዝኣተውሉ ቦታ፡ ንቶም መበቆላውያን ኣትክልቲ ዝጥቀምሉ ትሕተ ባይታዊ ማይ፡ መኣዛታት መግቢ፡ ብርሃን ጸሓይ ስለ ዝቃጸጽዎም፡ ደረጃ ዕብየት ናይ'ቶም መበቆላውያን ኣትክልቲ ይድርት። ከምኡ'ውን ንልሙድ ልፍንታዊ ሽርክነት ናይ ኣትክልቲ፡ ሓሸራታትን ኣበሰብቲ ደቀቕቲ ህይወታውያንን ብምስናኻል፡ ንምስሳን መበቆላውያን ኣትክልቲ የጉናድቦ። ብዘይካ'ዚ፡ ገለ ጓኖት ዓሌታት ኣትክልቲ ብዘተፍእዎ መርዛም ኬሚካላት (Allelochem)፡ ኣብ ከባቢኦም ካልኦት መበቆላውያን ዓሌታትን ዘርእቲ ከይበቖሉን በቒሎም ንኸይዕብዩን ንኸይምዕብሉን ይድርትዎም። ምስቶም መበቆላውያን ዓሌታት ብምትሕንፋጽ፡ ንጀነቲካዊ ኣሰራርዓ (genetic make-up) ብምዝንባል፡ ዓይነትን ኣፍራይነትን ናይ'ቶም መበቆላውያን ኣትክልቲ የዳኽሙ። እቶም ንኸምዚ ዓይነት ብድሆ ዝተቓልዑ መበቆላውያን ኣትክልቲ ድማ፡ ብቐሊሉ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ይቃልዑ። ብሳዕቤኑ፡ እቶም ከም መግቢ ዘገልግሉን መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘለዎምን ኣትክልቲ ዓይነቶም ብምቕያር፡ ንኽበልዑ ኣይበቕዑን።

ወረርቲ ዓሌታት ኣብ ስርዓተ መሓደሪ'ውን ጽልዋ ኣለዎም። መዕቆቢ ሕማም ዝስዕቡ ደቀቕቲ ህይወታውያን ባልዓት ብምዃኑ ኑቶም ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ደቀቕቲ ህይወታውያን ብሕማም ከም ዝጥቅዑን ዝሞቱን ይገብሩ። ኣብ ከባቢኦም ንዝርከብ ሓመድ፡ ዓይነቱን ኣሰራርዓኡን ብምድኻም፡ እቲ ቦታ ንፍግሪ መሬት ዝተቓልዐ ይገብሩ። ብዘዘዋዋሪ መንገዲ እቲ ኣብቲ ቦታ ዝየደድ ዑደት ናይ ማይን ስርዓተ ክሊማን እውን፡ ብኣሉታ ክጸሎ ይርአ። ኣብ ገለ ከባቢ ከኣ ንሰፍራ መበቆላውያን ዓሌታት



ኣግራብ ብሒቶም፡ ኑቶም ብዝተፈላለየ መንገዲ ሓደጋ ናይ ምጽናት ዘንጸላለዎም ኣትክልቲ ከም ዝጸንቱ ብምግባር፡ ብኡ መገዲ ህይወት መግቦም ኣብኦም ኣትክልቲ ዝምርኮስ ዓበይቲ እንስሳታት፡ ሓሸራታትን ኣዕዋፍን ከቢድ ጽልዋ ይገብሩ።

ኤርትራ ዘለዋ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣን ክሊማን ጓና ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ ንኽኣትዉ ዚያዳ ዕድል ዝፈጥር'ዩ። ኣብዚን ዝሓለፉ 10 ዓመታት ጥራይ፡ ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ገለ ግዳማውያን ጅሬት ኣትክልቲ ምእታዎም ይሕበር። ዝተገበረ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ በስ፡ ዓሻ ገረብ፡ እሾኽ መርየም፡ ቡን ጥልያን ተምሪ መሳን ዝኣመሰሉ ዝርከብዎም ብደምር ኣስታት 24 ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ ምእታዎም ይግለጽ።

ገረብ ተምሪ መሳ፡ ከም ኣበት እንተ ርኢና፡ መበቆሉ ኣብ ማእከላይን ደቡብን ኣመሪካን ደሴታት ካሪብያንን እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ከኣ ኣብ ዝበዝሐ ትሮፒካላዊ ቦታታት ዓለምና ተዘርጊሑ ይርከብ። እዚ ተኽሊ'ዚ ብወገን ሱዳን ኣቢሉ ኣብ 1970ታት ናብ ኤርትራ ከም ዝኣተወን ናብ ከባቢታት ተሰነይን ታማሪትን ክምኡ ድማ ኣብ ከባቢታት ቃሮራ ኣትዩ ከም ዝስፋሕፍሐን ይሕበር። ኣብ 1986 ድማ ምድረበዳነት ንምፍዋስን ከምኡ ድማ ንምዕቃብ ሓመድን ማይን ተባሂሉ ካብ ምብራቕ ኢትዮጵያ ዘርኢ ብምምጻእ፡ ጋሕተላይን ከረንን ፈለሱ ኣብ ምብራቓዊ መታሕት ሃገርና ከም ዝተኸለ ከም እተጉብረ ይግለጽ። ከም ወጽኢቱ ናይዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ምስርሑ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ እዚ ገረብ (ተምሪ መሳ) ኣብ ሰፊሕ ከባቢ ምዕራባውን ምብራቓውን መታሕት ጥምጥም ሩባታትን ባሕሪን ሃገርና ብልዑል ፍጥነት ተዘርጊሑ ይርከብ።

ጋዜጠኛን ደራስን ተስፋዬ ጉብረኣብ ኣብታ፡ 'በዓቲ ቴራቮሎ' እትብል መጽሓፉ፡ "ተኽሊ መሳ ዝተባህለ ዘይፍቶ ተኽሊ ንርካ ወረርዎ እዩ። ተኽሊ መሳ ኣሻቓሊን ተጻላእን፡ ንገማ ናይ ማኪና ክፍንጀር ዝኽእል ተረር እሾኽ ኣለዎ። ኑበሱ ኣየድፍርን'ዩ፡ ማይ ኣይልምንን'ዩ፡ ኣብ ዝኣተወ ኣትዩ ነፍሱ ይምዝብ። ማይ ክሱብ ዝርከበ ናብ መዓሙቕ ምድሪ ብምስንጣቕ ሃሰው ይብል፣ ዓቢ ገረብ ይኸውን። ኦም ንምዃን ክሱብ ዝበቅዕ ከም ኣፍሮ ጸጉሪ ሰፊሕ መሬት ይሸፍን። ጉንዱ ምስ ረጉደ ጸቡቕ ፈሓም ይወጾ። እቲ ሕማቕ ጠባዩ፡ ካልእ ዓይነት ገረብ ኣብ ጥቓኡ ዘቕርብ ዘይምዃኑ'ዩ" ዝብል ኣስፈሩ ኣሎ። እቲ ሕጡብ ጽሑፍ፡ ኑቲ ብዝለምዶ ኣብ መታሕት 'ሰሰበን' ብዝብል ቅጽል ስም ዝፍለጥ ገረብ ተምሪ መሳ፡ ጽልዉኡ ኣብ ሃገርና ማዕረ ክንደይ ብኣሱ ከምዝሎ ዘበርህ ኩይኑ ኢና ድማ ንረኽቦ።

# ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ ብኸመይ ንከላኸሎምን ንምክቶምን?

ኣብዚ መዳይ ምፍዋሱ፡ ምክልኻል እቲ ዝበለጸ መንገዲ ስለ ዝኾነ፡ እዞም ወረርቲ ዓሌታት ናብ ሃገር ቅድሚ ምእታዎም ኣቐዲምካ ጥንቃቐታት ምግባር ዝበለጸ መፍትሒ እዩ። ምናልባት ዕድል ረኺቦም ናብ ሃገር ኣትዮም ክስፋሕፋሑ እንተ ጀሚሮም ግን፡ ንምውጋኖም ይኹን ንምቁጽጻሮም ከቢድን ብዙሕ ዋጋ ዝሓትትን እዩ። እዞም ወረርቲ ዓሌታት ናብ ሃገር ከይኣትዉ ዝግትኡሉ እቲ ዝቐለለ መንገዲ ምክልኻል እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ዶባት፡ መዓርፎ ነፈርቲን ወደባትን ናይ መወሸቢ ኞጣታት ምድልዳልን ኣፍልጦ ናይቶም ኣብቲ ስራሕ ዝተዋፈሩ ተቖጻጸርቲ ክብ ምባልን ንምእላይ'ቶም ወረርቲ ዓሌታት ዝሕግዙ ንዋት ምዕጣቕን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዞም ዓሌታት ወረርቲ፡ ንተቖጻጸርቲ ሓሊፎም ናብ ሃገር ምስ ዝኣትዉ፡ ኾ ኣብ ደረጃ ምስፍሕፋሕ ከይበጽሑ ብዘሎ ዓቕሚ ዝግባእ ስጉምትታት ምውሳድ ወሳኒ መፍትሒ እዩ።

ካልእ መሰረት ንምግታእ እዞም ወረርቲ ዓሌታት ዝሕግዙ ንቕሓት ሕብረተ ሰብ ምዕባይ'ዩ። እዞም ዓሌታት ኣብ ዝርአዩሉ እዋን ቅድሚ ምስፍሕፋሖም ንዝምልከቶ ኣካል ሓበሬታ ምሃብ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ፡ ተራ ሕብረተሰብ ክዓዝዝ ይግባእ። እንጥቀመሉም ናይ ልምዓት መሳርሒታት ካብ ኣዝርእቲ ናይዞም ዓሌታት ነጻ ምዃኖም ምርግጋጽ፡ ግቡእ ክንክን ሓመድ ምክያድ፡ እቲ ተኽሊ ጌና ከይዓበየ ከሎ ምጽህያይ፡ ምስ ዝዓቢ ድማ ካብ ሱሩ በንቅርካ ምእላይ፡ ብኻልኦት ዝጠልቀዩ ኣትክልቲ ይኹን ሓሰር ምዕባብ፡ ብርሃን ከም ዘይረኽቡ ገይርካ ዕምርም ከም ዝሓጽር ምግባር፡ ከምኡ'ውን ቀላጥ ቦታታት ብምዝላይ መበቆላውያን ጅሬት ኣትክልቲ ከም ዝትክሉ ምግባር ይጸንሓለይ ዘይበሃል ዕማም እዩ።



ገረብ ተምሪ መሳ

ጓኖት ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ፡ ብሓፈሻኡ ዘይጠቕሙ ጌይርካ ምጥማትዮም ጌጋ'ዩ። ኣብ ረቡሓ ከም ዝውዕሉ ምግባርውን ካልእ ዝበለጸ ሜላ ወይ ኣማራጺ'ዩ። ንኣብነት ተምሪ መሳ ብዙሕ ጥቕሚ ዘለዎ ገረብ እዩ። ሓጹር፡ ዕንጨይቲ፡ ፍሓምን ካልእን ረቡሓታት ድማ ኣለዎ። ብሕልፊ ምዕቡል ተክኖሎጂ እንተ ተጠቒምና - ቆጽሉ፡ ፍረኡን ጉንዱን ጥሒንካ ብምጽቃጥ፡ ምንጪ ጸዓት ኲይኑ ከገልግሉ ይኽእሉ።

ኣብ መወዳእታ ወረርቲ ዓሌታት ኣትክልቲ፡ ኣብ ሰብን ኣከባብን ዘውርድዎ ኣሉታዊ ሳዕቤን ብምግንዛብ፡ ንምቁጽጻሮም ብሓደ ወገን፡ ኑቶም ርስትን ባህርያውያን መለለዪ ሃገርን ዝኾኑ መበቁላውያን ኣትክልቲ ንምዕቃብን ናብ መጻእቲ ወለዶታት ንምስግጋርን ድማ በቲ ኻልእ፡ ተራን ኣበርክቶን ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ክዓዝዝ ይግባእ።

**ወሁድ ጸዕሪ ንዘላቒ ምሕደራ ኣከባቢ!.**



እሾኽ መርየም

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Process Plant Fitter**

   **Department: Process Plant**
   **Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- A Fitter is a skilled tradesperson who maintains, and repairs machinery and equipment used in construction and mining industries. They're responsible for diagnosing and fixing mechanical problems, replacing worn parts, and ensuring that equipment operates safely and efficiently.
-

**Task description expanded to core performance areas**

- Planning
- Implementation of the Plan
- Mechanical Installations
- Mechanical Maintenance
- Conveyor Maintenance
- Grinding mills maintenance
- Crusher maintenance
- Reports & Data

**Unique requirements/other information**

- Crushing experience (jaw/gyratory and cone crusher)
- Grinding mills and Isamills experience essential
- Flotation experience essential
- Filtering experience essential
- Kiln experience.
- Candidate must be physically and medically fit.
-

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| ○ Technical College Mechanical.<br>○ Fitter Trade or Fitter and Turner Trade. | ○ 8+ years relevant experience. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| ○ Attention to detail, Problem solving skill, High level of accuracy, Ability to work towards strict deadlines, Fitting experience on chemical/process plant, Machining/turning experience | ○ Communication (English), Self-motivation, Prioritizing skills, Team Coordination skills, Team and leadership skills, Specialized organizational skills (evaluating, planning and scheduling work) |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቲራቮሎ ምምሕዳር ዊና ፕሎት 56 ፓርሰል 32 ዚፕ ኮድ 1A746 ጎደና ባዳ ቁ.ገዛ 16/18፡ ዋንኡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁ.ንብረት 1BRASM000542/0 ብስም ኢብራሂም ዓብደላ ሰራጅ +2 ዝተመዝገበ ተራ-ገዛ፡ ብጽሒት ኣ/ኢብራሂም ዓብደላ ናብ ወረስቲ ክተመሓላለፍ ስለዝሖትና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪቡ ጉዳዩ ክፍጸም ምዃኑ ይሕበር።

ዓዚዛ ዓብደልኑር

---

ወ/ሮ ጸሃይነሽ መሓሪ ገብረስላሴ ዝተፈቕደለን ናይ መጸገንን መሸጥን መፍትሕን ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሑትን ንግዳዊ ትካለን "ጸሃይ መሸጥን መጸገንን መፍትሕን ናይ ኤለክትሪክ ኣቕሑትን" (TSEHAY RETAIL & REPAIR KEYS & ELECTRICAL ITEMS) ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታ ነዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከይማዘለ ተቐጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገብ ኢና።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ኣብርሀት ሃይለ ማኣል ምስ ኣደይን 3 ኣሕዋተይን ወረስቲ ናይ ሃይለ ማኣል ዝኾንና፡ ካብ ሸያጢ ከስተ ጭሩም ናይ መተኣማመኒ ሰነድ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ምም/ሓዝሓዝ ጎደና ቦረና ናይ ኮሚሽን ኣባይቲ ምስክር ዋንነት ሊብረቶ 111830 መወከሲ ቁጽሪ 112039 ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንመሸጣ ናብ ስም ኣቦና ነ/ፍ ሃይለ ማኪል ክተመሓላለፍ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ፡ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይ ቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጸም ምዃንና ንሕብር።

ኣብርሀት ሃይለ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 3 ምም/ር 08 ጎደና ኘ ቁ.ገዛ 15 ዝርከብ ብስም ኣቶ ተኸለ ቀስሙ ዑቕባዝጊ ብቁ.ምስክር ወረቐት 109039 መወከሲ ቁጽሪ 116440 ኣብ ቤ/ጽ/ኮሚሽን ኣባይቲ ናይ ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብረቶ) ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝበሎ እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ብቁጽሪ ቴለፎን 07561902 ክሕበረኒ፡እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ኣቶ ተኸለ ቀስሙ ዑቕባዝጊ

# ቃለ- መሕትት

ዳህላክ ነጋሲ

## “ጥዕና ሕብረተ-ሰብ ንምውሓስ፡ ብቕዓትን ድሕነትን መግቢ ክረጋገጽ ኣለዎ” ዶክተር ሮቤል ተኽለኣብ

ሸዊት ገብረብርሃን - ኣ/ዜ/ኤ (ዞባ ደቡብ)
ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

እንዳሽቶም መግቦታት፡ እዝወትርም ልምድታት፡ እንኽደኖም ኣልባሳት፡ እንጥቀመሉም መሳርሒታት . . . ብጥበእን ውሑስን ኣገባብ ኣብ መዓላ እንተ ዘይኣውዒልናዮም፡ ዘይተጸበናዮ ዕንወት ከስዕቡ ይኽእሉ፡፡ መሰረታዊ ጠለብ ደቂ-ሰብ ዝኾነ መግቢ እውን ብቑዕን ውሑስን እንተ ዘይኮይኑ፡ ዝተፈላለየ ጥዕናዊ ሃስያ ከስዕብ ይኽእል፡፡ ክቡራት ኣንበብቲ፡ ብረቡዕ ኣብ እተሓትመ ቀዳማይ ክፋል ጽሑፍና፡ ብዛዕባ ድሕነትን ውሑስነትን መግቢ፡ መዓልቶም ዘብቅዐ መግቦታትን ሃለኽቲ ነገራትን ካልእን ኣመልኪትና ምስ ሓላፊ ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዶክተር ሮቤል ተኽለኣብ ዘካየድናዮ ቃለ-መሕትት ካልኣይን መወዳእታን ክፋሉ ናጠቓልል ኣለና፡-



ዶክተር ሮቤል ተኽለኣብ

*** ኣብ ገበር ናይ ሃለኽቲ ነገራት ንዝወድቕሉ ዕለት (expire date) ዝሕብር ሰየመታት ኣለዉ፡፡ ነቲ ሰየመታት እንታይ ከም ዝገልጹ ክትሕብረና?**

ዝተፈላለዩ መግቦታት ይኹኑ ካልኦት ሃለኽቲ ነገራት ዝበቕዑሉ ዕለት ኣመልኪቱ ዝወሃብ ሰየመታት ኣለዉ፡፡ ከም ዝፍለጥ፡ መብዝሕትኦም እቶም ዝፈርዩ ጠለብት ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝፈርዩ ብምዃኖም፡ በዚ ከኣ እቲ ዝልጠፉ ጽሑፋት ብዕዓዊ ቋንቋታት ብቐንዱ ብቛንቋ እንግሊዝ ይጽሓፉ፡፡ ንኣብነት፡ ገለ ካብ'ቶም ንዕለተ ምውዳቑ ዝሕብሩ ጽሑፋት “Use by” ዝብል ኮይኑ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ መግቦታት ከም ጸባን ወጽኢት ጸባ፡ እንቋቝሖ፡ ዓሳ፡ ስጋን ወጽኢት ስጋን ምስኦም ምትሕሓዝ ኣብ ዘለዎም መግቦታት ተለጢፉ ንረኽቦ፡፡ እቲ “use by” ዝብል መልእኽቲ ድማ፡ እቲ ፍርያት ካብቲ ዝተቐመጠሉ ገደብ ግዜ እንተ ሓሊፉ ተኣፋፊ ምዃኑ ዝገልጽ እዩ፡፡

ካልእ፡ ካብቲ ብተደጋጋሚ ዝወሃቦ ሰየመታት “Best if used by” ዝብል ጽሑፍ ንምልከት ኢና፡፡ እቲ ጽሑፍ ብተመሳሳሊ ብቐንዱ ኣብ ፍርያት ጸባን ወጽኢት ጸባን ዝልጠፍ ኮይኑ፡ ንሓጺር እዋን ንዝጸንሐ ፍርያት ይገልጽ፡፡ እቲ ትሕዝቶ ልዑል ተኽእሎ ናይ ምብልሻው ከም ዘለዎ ስለ ዝሕብር፡ ከምኡ ዝብል ጽሑፍ ምስ እንረኽብ ነቲ ፍርያት ሓጺር ዕምሪ ከም ዘለዎ ተገንዚብና ብቕልጡፍ ኣብ ጥቕሚ ከነውዕሎ ይግባእ፡፡ ኣብ ርእሲዚ፡ ዕለት ምውዳቕ (expire date) ኣብ ብዙሕ ዓይነት ፍርያት ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ መድሃኒትን ናውቲ ሕክምናን ብበዝሒ ንረኽቦ ኢና፡፡ እቲ ገደብ ግዜ ብቐንዱ ምስ ብቕዓት ናይ'ቲ መድሃኒት ወይ ናውቲ ዝተኣሳሰረ'ዩ፡፡ እንተ ደኣ ዝተደንገለ ዕለት ወዲቑ ብቕዓት ናይ'ቲ መድሃኒትን መስርሕን ከም ዘብቅዐ ክንርዳእ ንኽእል፡፡

ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ፍርያት ተጻሒፉ እንረኽቦ “Best Before” ዝብል መለለዪ'ውን ተመሳሳሊ መልእኽቲ ዝሓቘፈ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ ደርቂ ዝበሉ መግቦታት ከም ፓስታ፡ ሩዝ፡ ፓስቲፊን ካልእን ዝኣመሰሉ ተጻሒፉ ይጸንሕ፡፡ ካልእ፡ “sell by” ዝብል ንዕለት ምውዳቕ ናይቲ ፍርያት ዝገልጽ ጽሑፍ ኣሎ፡፡ ትካላት ንዝኣቱን ዝወጽእን ፍርያት ንምልላይ ከምኡ ድማ ንምምሕዳራዊ ዕማማተን ንኸጥዕም ነቲ ጽሑፍ ከም ዝጥቀማሉ ይፍለጥ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ገለ ፍርያት “Open dating” ዝብል ንመዓልቲ ምውዳቕ ናይ'ቲ ፍርያት ዝገልጽ ጽሑፍ'ውን ንረክብ ኢና፡፡ እቲ ጽሑፍ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ መኽደኒ ናይ'ቲ ፍርያት ይጸንሕ፡፡ እቲ ፍርያት ምስ ተኸፍተ ወይ ክንጥቀመሉ ምስ ጀመርና ዕድመ ኣገልግሎቱ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ መዝኢ ናይ ዓይኒ-ምድርን ካልእን ብቐጻሊ ንረኽቦ፡፡ መብዝሕትኡ እዋን ብቕዓቱ ኣብ ውሽጢ 12 ኣዋርሕ ክወድቕ እንከሎ፡ ሳሕቲ ድማ ንምውዳቕ ዕለት ዝገልጽ ሓጺር ጽሑፍ ዝሓቘፈ ኮይኑ ንረኽቦ፡፡

ኣብ ዝተፈላለየ ማእተታት ብፍላይ ኣብ ኣልኮላዊ ማእተ “freshness date” ዝብል ጽሕፍ ተለጢፉ ይጸንሕ እዩ፡፡ እቲ ጽሑፍ፡ እቲ ማእተ ሓደሽ ፍርያት ዲዩ ወይስ ግዜ ወሲዱ'ዩ ዝገልጽ'ዩ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ ኣልኮላዊ ማእተ በራ መዓስ ከም ዝተሓትመ ዝገልጽ ጽሑፍ ንረኽብ ኢና፡፡ ኣብ ገለ ፍርያት'ውን “don’t use after” ዝብል ጽሑፍ ይጸንሕ፡፡ እቲ ሰየመ ተገልጊሉ ነቲ ፍርያት ድሕሪ'ቲ ዝተጠቕሰ ዕለት ንኸይጥቀሙሉ ዝሕብር እዩ፡፡ እቲ ጽሑፍ ኣብ ምሕር ተኣፈፍቲ ዝኾኑ ፍርያት ተለጢፉ ዝጸንሕ ኮይኑ፡ ድሕሪ'ቲ ዝወድቀሉ ዕለት ኣብ ዝኾነ ጥቕሚ ንኸይውዕል ዝኽልክል እዩ፡፡

*** ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕናን ሕግን ስርዓትን ዕለቶም ዝሓለፈ ሃለኽቲ ነገራት ከም ዝውገዱ ይግበር እዩ፡፡ ኣገዳስነት'ቲ ስጉምቲ ኣብ ምርግጋጽ ድሕነት መግቢ ከመይ ይመስል?**

ኣብ ሃገርና፡ ስርዓት-ቁጽጽር ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ጥዕናን ሕግን ስርዓትን ከም ዝካየድ ይፍለጥ፡፡ እቲ ዝካየድ ቁጽጽር ኣብ ክልተ ተኸፊሉ ይረኣ፡፡ እቲ ሓደ ስሩዕ ቁጽጽራዊ ስርሓት ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ዘይስሩዕ ወይ ሃንደበታዊ እዩ፡፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዝካየድ ናይ ቁጽጽር ዕማማት ንጹር ኮይኑ፡ ብቑዕን ውሑስን ቀረብ ኣብ ዕዳጋታት ምርግጋጽ'ዩ፡፡ ኣብ ግዜ ቁጽጽር ምውዳቕ ዕለት ናይ ሃለኽቲ ነገራት ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ብዓይኒ ዝርኣዩ ለውጥታት ኣብ መትሓዝን ካልእን ኣብ ግምት ዘእተወ እዩ፡፡

ስርዓት ቁጽጽር ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ፡፡ ስርዓት ቁጽጽር ብጥበእ ምስ ዝካየድ ዝተፈላለየ ረብሓታት'ዩ ዘለዎ፡፡ ገለ ካብ ረብሓታቱ፡ ብቐዳምነት፡ ስርዓት ቁጽጽር ሃልኪ ወይ ብኽሳራ ንኸይህሉ ይሕግዝ፡፡ ብስሩዕ ስርዓት ቁጽጽር ምስ ዘይካየድ፡ ኣብ ትካላት ወይ መኽዘን ዘሎ መዓልቱ ዝሓለፈ ፍርያት፡ ምስቲ መዓልቱ ዘይኣኸለ ተሓዋዊሱ ናብ ዕዳጋ ይቐርብ፡፡ ብሰንኪ'ቲ ዘይውሕሉል ኣካይዳ ብኽሳራ ወይ ክሳራ ናይ ብዙሕ ፍርያት የጋጥም፡፡ ካልእ፡ ስርዓት-ቁጽጽር ብቕዓት ፍርያት ኣብ ምርግጋጽ ዘይተኣደ ተራ ኣለዎ፡፡ ቀጻሊ ቁጽጽር ምስ ዝካየድ፡ እቲ ኣቕዲሙ ዝፈረየ ኣቕዲሙ ናብ ዕዳጋ ይቐርብ፡፡ ብመንጽሩ፡ ጥዕና ዜጋታት ውሑስ ይኸውን፡፡ ብተወሳኺ፡ ብሰሪ ዕለት ምውዳቕ ዘጋጥም ብኽነት ፍርያት'ውን ኣይህሉን፡፡

*** ድሕነቱን ውሑስነቱን ዝተረጋገጸ መግቢ ኣብ ምቕራብ ዝርኣዩ ብደሆታት ክትጠቕሰልና?**

ብርግጽ፡ ናብ ሕብረተሰብ ብቕዓቱን ውሑስነቱን ዝተሓለወ መግቢ ኣብ ምቕራብ ዝርኣዩ ብደሆታት ኣለዉ፡፡ ገለ ካብ'ቶም ኾሊሖም ዝርኣዩ ብደሆታት ምስ እንምልከት፦

1. ኣብ መንጎ ሕብረተሰብና ኣፍረይትን ዝፍጠር ተገራጫዊ ሓሳብ ክጥቀስ ይኽእል፡፡ ሓደ ፍርያት መዓልቱ ከም ዝወደቐ ዝሕብር ጽሑፍ ተለጢፉ እናሃለወ፡ ብዙሓት ሰባት ምውዳቕ ናይ'ቲ ዕለት ከም ዘይጉድእ ገይሮም ናይ ምግንዛብ ግጉይ ርድኢት ኣለዎም፡፡ በዚ ከኣ ገለ ፍርያት ዕለቱ ወዲቑ እናሃለወ፡ ተጠቒምቲ ባዕሎም ንዝተወሰነ ግዜ ተወሳኺ መዓልታት ይወስኑሉ፡፡ እዚ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ፍርያት ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከም ዘየኸትል ዝገልጹ ካብ ሓቂ ዝረሓቑ በሃብለው ዘረባታት ብተደጋጋሚ ይስምዑ፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ ሕብረተሰብና መድሃኒት ዕለቱ ምስ ወደቐ፡ ብድሕሪኡ ንዝቕጽል ሰለስተ ወይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዋላ እንተ ተወሰዩ ዝኾነ ጥዕናዊ ሃስያ ከም ዘየስዕብ ዝገልጽ ግጉይ ኣተሓሳስባ ኣሎ፡፡ ስለዚ፡ ሕብረተ-ሰብ ንኣጉል እምነትን ተገራጫዊ ሓሳባትን ብንቕሓት ብምምካት፡ መድሃኒት ይኹን ካልኦት ሃለኽቲ ነገራት መዓልቶም ምስ ወደቐ ካብ ምጥቃሞም ክሕለብ ይግባእ፡፡

2. ሱፍልጠታዊ ናይ ምክትታል መሳርሒታት (Assessment tool) ብጥበእ ክሰርሓሉ ይግባእ፡፡ ንሓደ ንብረት ናብ ውሽጢ ሃገር ክኣቱ እንከሎ፡ ኩሉ ዓይነት ቁጽጽር ብምኽያድ፡ ድሕነቱን ውሑስነቱን ክረጋገጽ ኣለዎ፡፡ እዚ ብደሆ ኣብ ሃገርና ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ውሑስነቱ ወይ ድሕነቱ ዝተሓለወ ኣቕርቦት መግቢ ኣብ ምውዳድ ዕንቅፋት ኮይኑ ኣሎ፡፡

3. ተጠቃምቲ ጸረ-ታህዋስያን ኣብ መግቢ እንስሳታት ከም ብደሆ ዝረኣ እዩ፡፡ እዚ ካብቲ ሚኒስትሪ ጥዕና ጸቒጡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዕማም ሓደ እዩ፡፡ ኣብዚ ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒት ብዝተፈላለየ መልክዕ ንእንስሳታት እንተ ተዋሂቡ፡ እቲ መድሃኒት ካብ ተጠቃምቲ ወጺኡ እዩ ዝኸውን፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ህዝቢ ዝጥቀመሉ መድሃኒት ኣብ ምልክት ሕቶ ይኣቱ፡፡

4. ዓውለማ - ኣብዚ ዓለም ከም ሓንቲ ቁሸት ኮይናትሉ ዘላ መዋእል፡ መድሃኒት ወይ መግቢ ኣብ ሓደ ቦታ ፈርዩ ናብቲ ካልእ ጫፍ ተዘርጊሑ ክሽየጥ እንከሎ፡ ኣብ ኣድ ተጠቃማይ ምስ በጽሐ ዝኾኑ መኣረምታ ተረኺብዎ ኣፍረይቲ ትካላት ክስሕብኦ ኣብ ዝወሰናሉ እዋን መስርሕ ምእካብ ኣሸጋሪ ይገብሮ፡፡

*** ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዝርኣዩ ዘለዉ ብደሆታት ንምቕላሱም ወይ ምምካየም**




**እንታይ ስጉምቲ ክወሰድ ኣለዎ?**

ውድብ ጥዕና ዓለም ኑቶም ኣብ መላእ ዓለም ዝረኣዩ ብደሆታት፡ ኣብ ምምካየም ዝሕግዘ ነጥብታት ኣውጺኡ ኣሎ፡፡ ብቐዳምነት፡ ምውዳድ ብቕዓቱ ዝተሓለወ መግቢ ንዝተፈላለየ ጸላት ዝትንክፍ ስለ ዝኾነ ኩሉ መዳያዊ ምትሕብባር ክህሉ ይጽውዕ፡፡ ዝተፈላለዩ ኣካላት ብሓደ እንተ ሰሪሖም ኣቕርቦት ውሑስ ዝኾነ መግቢ




ክረጋገጽ ይኽእል፡፡ ከም መርኣያ ናይ'ዚ ኣህጉራውያን ውድባት ብሓደ ኮይኖም ክሰርሑ እንተ ኽኢሎም፡ መሰረታዊ ፍታሕ ክረክብ ከም ዝኽእል ይሕብር፡፡

ካልእ፡ ኣፍረይትን ናብ ህዝቢ ዘቕርቡ ነጋዶን እቲ ፍርያት ናብ ተጠቀምቲ ክሳብ ዝበጽሕ ብኸመይ ይኽዘን፡ ይንቀሳቐስ፡ ይሰራሕን ካልእን ብጥበእ ክፈልጥዎ ይግባእ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ስርዓት-ቁጽጽር ብፍላይ ኣብ ላብራቶሪ ዝተመርከሰ ምስ ዝኸውን፡ ተሰዲዱ ምላሽ ክወሃቦ ምምሕያሽ ክግበረሉን ይኽእል፡፡ እቲ ኹሉ ዝእከብ ጥርዓናት ናብ ማእከላይ ቦታ ተሰዲዱ መፍትሒ ዝኸውን ነጥብታት ክናደ ይኽእል፡፡

*** ዶክተር ሮቤል፡ ኣብ መወዳእታ ከተመሓላልፎ እትደሊ መልእኽቲ እንተሎ?**

ልዕሊ ኹሉ፡ ህዝቢ ብዛዕባ ዕለተ ምውዳቕ ሃለኽቲ ነገራት ግቡእ ኣፍልጦ ክህልዎ ኣለዎ፡፡ ዕለት ጥራይ ዘይኮነ ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ረቓሒታት ኣብ ግምት ዘእቱ ከም መቐት፡ ጠሊ፡ መኽዘኒ ኣገባብ መጓዓዝያን ካልእን ዘለዎ ኣፍልጦ ብምዕባይ፡ ተጠቃሚ ውሑስ ዝኾነ ፍርያት ክኸውን ይኽእል፡፡ ካልእ፡ ህዝቢ ተጠቃሚ ናይ'ቲ ዝቐርብ ፍርያት ክሳብ ዝኾነ፡ ብውልቂ ንዝዕድጎ ነገራት ስርዓት ምቁጽጻር ብጥንቃቐ ክካየደሉ እላቡ፡፡

ኣብዚ ህዝቢ ዓለም ብዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ዝሳቐየሉ ዘሎ እዋን፡ ሕብረተ-ሰብና ዕሹግ መግቦታት ካብ ምምጋብ ክቑጠብ ኣለዎ፡፡ ብመንጽሩ፡ መኣዝዊ ትሕዝቶ ዘለዎም ኣብ ከም ኣሕምልቲን ፍረታትን ብምትካር፡ ግቡእን ስሩዕን ስርዓት-ኣመጋግባ ክዘውትር ኣዘኻኽር፡፡ ካልእ፡ ትካላት ኣብያተ ዕዮ-ሕብስቲ መዓልቱ ዝሓለፈ ዘይቲ፡ ሕሩጭ ጸባን ካልእን ከም ዘይጥቀሙ ህዝቢ ብተደጋጋሚ መረርኡ የሰምዕ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ወሃንቲ ትካላት ሕልናዊ ግዴታ ከም ዘለዎም ተገንዚቦም፡ ካብዚ ጉዳይ ክሕለቡን ሓላፍነት ክስመዖምን እምሕጸን፡፡



